STADT
NIDDERAU

# ኮሚሺን ሐድነት፣

ምሕዳር ኸተማ ኒደራው ኣብቲ ብ**16.05.2021** ዝገበሮ ኣኼባ ብመሰርት ዓንቀጽ**§ 72** ኣዝባር **4** ናይ ምምሕዳር ሕጊ ኣውራጃ ሄስያን **(HGO)** ከምኡዉን ዓንቀጽ **§ 89** ብምትሕብባር ምስረታ ናይ ኮሚሺ ሐድነት ወሲኑ። ዕድመ ናይ ሐድነት ኮሚሽን ልክዕ ከም ዕድመ ናይ ዝተረፈ እዋን ምርጫ ናይቲ ኣብ ሄሴን ዝርከብ ኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ወጻእተኛታት **(**ኣውስልደር ባይራት**)** ክኸውን ወሰነ ።

ዕድመ ናይ ኮሚሽን ሓድነት ልክዕ ከም ዕድመ ቤት ምኽሪ ኸተማ ይኸዉን ምስኡ ጀሚሩ ምስኡ ድማ ይዛዘም ። እዚ ሕጂ ዘሎ መዓርግ ቤት ምኽሪ ከተማ ካብ **2021** ክሳዕ **2026** እዩ ።

ኮሚሽን ሓድነት ብመሰረት ዓንቅጽ**72 §** ሐደ ካብቶም ንናይ ከተማ ምሕደራ ንምምኻርን ምቊጽጻርን ዝቔመ ኮሚሽን ኢዩ ። እንተ ወሓደ ፍርቂ ካብ ኣባላቱ ብቤት ምኽሪ ኸተማ እተመርጹ ፍልጠት ዘለዎም ተቐማጦ ኣባላት ዝቔመ ኢዩ ።

እኹል ቊጽርታት ናይ ብቅዓት ዘለዎም ሕጹያት ምስ ዘይርከቡ ብመሰረት ዓንቀጽ **86** ኣዝባር **3** ክምኡዉ ኣዝባር **4** ቤት ምኽሪ እታኸተማ ሓሳቡ ብምቅራብ ናይ ሕጹይነት ብቅዕት ይህብ። ፍርቂ ኻብቶም እተመርጹ ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ኣለወን። ኣብ ርእሲ እዚ ኣብቲ ምርጫ ብመሰረት ዓንቅጽ **84** ኣዝባር **1**ብእተኻእለ መጠን ብዙሕነ ናይ ነበርቲ ወጻእተኛታት ኣብ ግምት ኪኣቱ ኣለዎ።

ኮሚሽን ሓድነት በቲ ኸንቲባ **(**ብቤት ምኽሪ ቐዳማይ ከተማ ዚውከል**)** ከምኡውን ብሓደ ካብታ ተመርጸት ጉጅለ ብቅዕት ዘለዎ ተሓባቢሮም እዩ ዚምራሕ።

**<u>ድሕረባይታ ናይ ምቛም ኮሚሽን</u>**

ኣብተን ልዕሊ **1000** እተመዝገቡ ወጻእተኛታት ዘለዉዋ ምምሕዳራት ከተማ ምኽሪ ቤት ምኽሪ ወጻእተኛታት ምቛም ግዴታ ኣለዎ። ኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ወጻእተኛታት ናይ ምቛም ግዴታ ብመሰረት ዓንቀጽ**§ 89** ብምቛም ናይ ሐድንት ኮሚሽን ክትካእ ይትካእ።

**173** ኣብ ሄሴ ዚርከብ ምምሕዳራት ከተማ ኮሚተታት ሕብረት ኬተኣታቱ ይግደዳ እየን። ካብዚኣቶም **86** ኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ወጻእተኛታት ዝመስረታ ክኾና ከለዋ፡ **87** ምምሕዳራትን ከተማ ኸኣ ናይ ሐድነት ኮሚስዮን ዝመስረታ እየንነዚ ኢየን።

ብዛዕባ እተን ኣማኻሪ ቤት ምኽሪ ወጻእተኛታት ዝመረጹ ምምሕዳራት ከተማ እቲ ምርጫ ብምኽንያት ሕጽረት ሕጹያት ዚስረዝ እንተ ኾይኑ ከም ኣማራጺ ናይ ሐድነት ኮሚሽን **(Integration)** ክቘማ ግዴታ ይኸውን ። እዚ ኸኣ እቲ እተወደበ ዝርርብ ኣብ ብምሉኡ ሄሴ ኣብ ዝርከብ ምምሕዳራት ከም ዝግበር የረጋግጽ። ከተማ ኒደራው ዉን ኸምኡ እዩ ኣጋጢምዎ ።

**Stadt Nidderau** · Am Steinweg 1 · 61130 Nidderau
Tel: 06187/299-0 · Fax: 06187/299-101 · E-Mail: info@nidderau.de · Web: www.nidderau.de

**አባላት -**

- **ኣቶ ረይነር ሾገል ቀዳማይ ኣማኻሪ ኸተማ (ኣመሓዳሪ)**
- **ኣቶ ኣርዳ ኣራል (ኮ-መንበር)**
- **ኣቶ ተከለማሪያም ገብረገርጊስ**
- **ወይዘሮ ለቿላ ሃሰንባሲክ**
- **ወይዘሮ ማሕዊሽ ኢፊፋር**
- **ወይዘሪት ኤሊዛቤት ማየር-ግራስያ**
- **ኣቶ ያን ጃኮቢ ርእሲ ቤት ምኽሪ ኸተማ**

*ዕማም ናይ ሐድነት ኮሚስዮን*

- ረብሐታት ምሕላው - ኮሚሽን ሓድነት ንረብሓታት እቶም ኣብ ኒድደርው ዚነብሩ ወጻኣተኛታት ዚውክል
- ምኽሪ- ንኣካላት ምሕደራ ከተማ ኒድሮ ብዛዕባ ኹሉ ጉዳያት ወጻእተኛታት ምኽሪ ትህብ
- ከዛረበሎም ዝግብኡ- ኣብ ኩሉ ኣገዳሲ ጉዳያት ኣገደስቲ ዝብሎም ኣራእስቲ ናብ ቤት ምኽሪ ኸተማ ዋዕላ ኼቕርብ ይኽእል እዩ፣ እዚ ኸኣ ብመሰረት **§ 88 (2)** ምሉእ ሓሳባት **4** ማሕበር ግምቢ ዘብዐኛ **§ 58 (5)** ምሉእ ሓሳባት **3 HGO** እዩ ዚግበር ።
- ማዕርነት- ኣብ መንጎ ወጻእተኛታትን ጀርመናውያንን ዜጋታት ከተማ ኒደራው ማዕርነት ከም ዝህሉ ምግባር ከምኡውን ከይመርመርካ ብሕማቕ ናይ ምፍራድን ኣድልዎ ምግባርን ከይህሉንምቅላስ ።
- ደገፍ- ኣብ ከተማ ኒድሮ ኣብ መንጎ ባህላውን ልምድታት ንምትሕብባርን ዚግበር ፕሮጀክትታት ኣብ ምድላው ትድግፍ እያ።
- ምምዳብን ምውደባን ፡- ብዛዕባ ኸም ማዕርነት ተሳትፎ ዓሌታውነት ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ እዋናዊ ጉዳያት ኣብ መንጎ ባህሊ ዜርአ ፍጻመታትን ኣስተምህሮታትን ናይ ዕማም ዕዮታት ትውድብ ።

*ዓመታዊ ኣገዳሲ ኣርእስትታት:-*

- ኣብ ኣህጉራዊ ሰሙንን ኣንጻር ዓሌትነት ዝግበር ሰሚናራት ምድላዊን ምስታፍን **- IWgR Internationale Wochen gegen Rassismus**
- ኣብ መንጎ ባህሊ ዘሎ ዝምድና -ዓለማዊ ሰሙናት **- IKW Interkulturellen Wochen – IKW**